ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

جبهة الإنقاذ الوطني الإريترية

Eritrean National Salvation Front

# ኣብ ጂዳ ኣኼባ ህግደፍ ፈሺሉ

ድሕሪ ውሳኔ እገዳ፡ ኢ.ምባሲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ሳዑዲያ ከተማ ጂዳ ካብ ህዝቢ ገንዘብ ንምእካብ፡ ብሓለፍቲ ዋህዮታት ህግደፍ ኣቢሉ ኣብ ህዝቢ ብሓፈሻ ኣብ ሃብታማት ድማ ብፍለይ ሰፊሕ ጎስጓስ ከካይድ ድሕሪ ምቕናይ ብዕለት 5 ለካቲት 2010 ዓብዱራሕማን ቁንሱል መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ጂዳ ዘካየዶ ኣኼባ ከም ዝፈሸለ ምንጪ ግሃድኤ ሓብሩ። ኣብ ኣኼባ ንክምጽእ ካብ ዝተጸወዐ ህዝቢ ዝመጸ ከም ዘየሎን ካብቲ ኣብ ጂዳ ዝርከቡ መዓት ኣባላት ዋህዮታት ህግደፍ ድማ ካብ 60 ኣባላት ዘይበዝሑ ጥራሕ ከም ዝተረኽቡን እቲ ምንጪ ወሲኹ ገሊጹ።

ዓብዱራሕማን ቁንሱል ህግደፍ ንኣባላት ህግደፍ ብልባዊ ድልየት ዝተሰነየ ጎስጓስ ስለ ዘየካየድኩም’ዩ ህዝቢ ንኣኼባ ዘይመጸ፣ ኣብ ምፍሻል እገዳ እቶም ኣብነት ኪኾኑ ዝግብኦም ኣባላት ህግደፍ ናይ ምብኳር ኣብነት ኮይኖምን መዋዐልቲ ሃሱሳት ኮይኖም እናበለ ከግባዕበዓሎም ወዒሉ። ኣብ መወዳእታ ኣኼብ ኣክድገም ምኺኑ ብምግላጽ፡ እገዳ ንምፍሻል ብዝብል ምኽንያት ኩሉ ኣብ ጅዳ ኣብ ትሕቲ ቁንስላዊ ቤት ጽሕፈት ዝተጠርነፉ ኤርትራውያን ናይ ሓደ ወርሒ ደሞዞም ንክኸፍሉ ዘስገዲድ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ።

ምንጪና ኣስማቶም ከሓብኣሎም ዝደለዮም ገለ ካብቶም ኣብ ኣኼባ ዘይተረኽቡ ኣባላት ህግደፍ፡ ኣብ ኣኼባ ናይ ዘመምጽእኦም ምኽንያት ኪገልጹ እንከለዎ፡ ብሓሶት ጸሚምና፣ ገንዘብ ብምኽፋል ኣጠፍሾምና፣ ሓቂ ብዘይትዘረብሉ ኣኼባታት ሰልችዩና……ወዘተ ክም ዝበሉ ይሕብር።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግሃድኤ
8 ለካቲት 2010